**ኩቡር ባህሊ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ይተዓቀብ።**
**ጥሪ 21, 2017።**
**ተሳትፎ ህጻናት ኤርትራ፡ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ።**

ግዚኡ ሰዓት 4፡30 ድ/ቀ ኣብ ሓደ ጽርግያ ናይ ጎዳይፍ( ኣስመራ) ንመርዓ ዝተዳለወ ዳስ ውሽጣዊ ትሕዝቱኡ ንምስንዳእ ኣዳለውቲ ውራይ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ነበሩ።   ዳስ ዝስልሙ፡ ቴንዳ ዘመዓራርዩ፡ ሰቲ ዝንስንሱ፡ ኮፍ መበሊ ኣጋይሽ ዝቕርቡ፡ ወዘተ... ተወዳዲቦም ስርሖም የካይዱ ነበሩ።  ባህልና ብጣዕሚ ሰሓቢ ምዃኑ ዘየጠራጥር ይኹን እንበር፡ ካብ ኩሉ ዝሰሓበኒ ግን ብዛዕባ'ዛ ህጻናት ኤርትራ ኣብ ባህላውን ማሕበራዊ ናብራን ዘርእዩዎ ዘለዉ ውርሻ ካብ ኣሽሓት ቃላት በዛ ናይ ክልተ ህጻናት ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ሕብረተ ሰብና እተርኢ ስእሊ ምግላጹ ዝበለጸ ኮይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ ዑምቆታን ትሕዝቱኣን ንተዓዘብቲ ግቡእ ሚዛን ክቡላ ይገድፋ።



ዕድሚኦም ንምግማት ዘጸግም ኣይመስለንን።  ብኡ መጠን ተሰኪሞሞ ዘለዉ ካብ ክብደቶም ንላዕሊ ዝተዓጻጸፈ ክብደት ከም ዘለዎ ንርኢ። ኩሉ ግዜ ጻጸ ካብ ክብደቱ ንላዕሊ ተዓጻጻፊ ክብደት ከም ዝስከም ንዕዘብ ነንብብ'ውን።  ህጻናት ኤርትራ ኣብ ምውራስ ባህሊ ዘለዎም ተሳትፍነት ክብደቱ ብዘየገድስ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ከም ሓይሊ ጻጸ ክምሰሉ ይከኣል።  ነቶም ኩሎም ስድራቤታትን ብሓፈሻኡ ሕብረተ ሰብናን ህጻናትና ብባህሎም ተኾስኩሶም ክዓብዩ ዝገብሩ ዘለዉ የመስግን።



ነዚ ኩቡር ባህሊ ንምድምሳስ ናይ ደገ ሓይልታትን፡ ቁንጣሮ ዕሱባት ደቂ ሃገር ከምዘለዉ ኩልና እንግንዘቦ ሓቂ እዩ።  ገለ'ውን ሃሳይነቱ ብዘይ ምስትውዓል ኣሉታዊ ተልእኮታት ከም ዘበርክቱ ስዉር ኣይኮነን።  ባህላዊ ክብርታቱ ዝተጋህሰ ሕብረተ ሰብ ከም ሃገር ይኹን ህዝቢ ከቢሩ

ክነብር ስለ ዘይክእል፡ ክብርታትና ብጉቡእ ናብ ቀጻሊ ዎሎዶታት ንምትሕልላፍ ናይ ኩሉ ሃገራዊ ብጉዳይ ሃገርን ክብርታታን ዝግደስ ሓላፍነት ስለ ዝኾነ፡ ህጻናትና ክብርታት ዎሎዶታት ዓቂቦም መታን ክዓብዩ ካብ ቀዳምነታት ብቀዳምነት ዝስራዕ ምኧኑ ማዕዳ ወይ ምኽሪ ዘድልዮ ስለ ዘይኮነ፡ በኣጋጣሚ ነዛ ህርኩታት ህጻናት ኣበርክትኦም ኣብ ማሕበራውን ባህላውን እተርኢ ስእሊ ኣብነት ብምግባር ትዕዝብተይ የካፍል። ንኹሎም ህጻናት ኤርትራ ከም እትውክል ክሕብር'ውን እፈቱ።

ህጻናትና ውህስነት ቀጻሊ ክብርታትትና፡
ዘልኣለማዊ  ዝኽክሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።